ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ንኩተማ እንትጭ ማይ ግልጋሎት ትውዕል ሓንቲ ሞተር ሳይክል ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ – ስለዝደለየ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ዓርቢ ጥሪ 29, 2018 (ቅድሚ 9 ወርሒ)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: የካቲት 14, 2018 3:00 ቅ/ሰዓት (ተዓፅዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:5000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:100
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: የካቲት 14, 2018 3:30 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ዕድጊት ሞተርሳይክል/

ምልክታ ግልፂ ጨረታ

ኣብ ግዝያዊ ምምሕዳር ክልል ትግራይ ቢሮ ማይን ኢነርጅን ንኩተማ እንትጭ ማይ ግልጋሎት ትውዕል ሓንቲ ሞተር ሳይክል ብግልፂ ጨረታ አወዳዲሩ ክዕድግ – ስለዝደለየ ሕጋውያን ነጋዶ ክትወዳደሩ ንዕድም። ስለዚ እዚ ዝስዕብ ሮቋሕታት እተማልኡ ተጫረቲ ንክትወዳደሩ ንዕድም

1. ናይ ዘመኑ 2018 ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቃድ፣ ዝተሓደሰ መቅረባይነት ሰርቲፊኬት፣ ቲን ቁፅሪ /TN NO ናይ ቫት ምዝገባ ሰርቲፊኬት፣ ናይ 2018 ዓ/ም ናይ ወርሒ ሕዳር ቫት ዲክለሬሽን ዘቕርብ።

2. ዝተዳለወ ስፔስፊኬሽን - ካብ መደበኛ ጉጅለ ዕደጋ፣ ካብ ጨረታ ዝወፀሉ ዕለት 29/05/2018 ዓ.ም ጀሚሩ ክሳብ 14/06/2018 ዓ/ም ኣብ ዘሎ ግዜ ንሕድሕድ ዓይነት ጨረታ ዘይምለስ ብር 100 ብምክፋል ምውሳድ ይክኣል።

3. ናይ ጨረታ መኽበሪ 5,000 ብር CPO, ብጥረ ገንዘብ ኣብ ኩነታት ዘይተመስረተ ባንክ ጋራንቲ ሒዞም ክቕርቡ ኣለዎም።

4. ጨረታ ዝዕፀወሉ ዕለት 14/06/2018 ዓ/ም ስዓት 3:00 ተዓፅዩ በቲ ዕለት ሰዓት 3:30 ኣብ ቅድሚ ተጫረቲ ወይ ድማ ሕጋዊ ወኪላት ኣብ ዘለዉዎ ይኸፈት።

5. ሰዓራይ ትካል ኦርደር ምሰ ወሰደ አብ ውሽጢ 3ተ ናይ ስራሕ መዓልቲ ካብ ጠቕላላ ዝሰዓሮ 10% cpo ኣትሒዙ ውዕሊ ብምእሳር ብናይ ባዕሉ መፅዓንን መራገፍን ናብ ናይ ቢሮና ስቶር ክፍሊ አታዊ ይገብር።

6. ኣብቲ ጨረታ ሰነድ ፊርማን ነቢ ማህተምን ክዓርፈሉ ኣለዎ።

7. ኣብ ዝቕረበ መረዳእታ ዝሃሰሰ ወይ ስርዝ ድልዝ ዘለዎ እንተኾይኑ ተቐባልነት የብሉን ።

8. ተጫረቲ ናይ ጨረታ ሰነድ ብክልተ ፖስታ ነኒ በይኑ ሓደ ኦርጅናል ሓደ ኮፒ ዝተዓሸገ ፖስታ ከቕርብ ዝኽእል።

9. ቢሮና ዝሓሸ መማረፂ እንተረኺቡ ብሙሉእ ይኹን ብኸፋል ናይ ምስራዝ መሰለ ዝተሓለወ እዩ።

10. ኣድራሻና ቢሮ ማይን ኢነርጅን መደበኛ ጉጅለ ዕደጋ ቢሮ ቁፅሪ 13 ።
11. ናይ ጨረታ መዕፀውን መኽፈትን በዓል እንተዊኡሉ ኣብ ዝቕፅል ናይ ስራሕ መዓልቲ ይኸውን።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

12. ንተወሳኪ ሓበሬታ ብስልኪቁፅሪ 0963549302/0910789404 ደውልካ

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle